## WITNESS STATEMENT OF FREWEYNI HAYIEMARIAM GITET

I, Freweyni Hayiemariam Gitet[1] mother of Niyat Ferede, of PD Ethiopia, will say as follows

1. I am the mother of Niyat Ferede ("**Niyat**"), one of the victims of the November 2021 tragedy.

2. I make this statement in order to provide relevant information to the ongoing Cranston Inquiry examining the events of, leading up to and following 24 November 2021, based on my knowledge and understanding of the circumstances leading up to and during the events under scrutiny.

3. In this statement I will outline what I understood to be the reasons Niyat left Ethiopia, my communication with Niyat following her departure from Addis Ababa and the impact that this tragic incident has had on our family.

4. My statement should be read together with the statements of my husband Ferede Yeshiwendim ("**Ferede**") and son, Morris Sleshi Tewelde ("**Morris**"). I have read and agree with the contents of those statements. I have provided the information in my statement in consultation with my sons, Amanuel Ferede ("**Amanuel**") and Yeshiwendim Ferede ("**Yeshiwendim**"). The matters set out in this statement are within my knowledge unless otherwise stated.

5. Losing my daughter has affected me a lot, physically and mentally, and it has impacted my memory. Losing Niyat in this way has been deeply traumatic for me and my family. A lot of things have happened in my country, and to my family in the nearly three years since Niyat passed away. All of this may have impacted my ability to recall every detail correctly.

6. This statement was prepared with the assistance of my legal representatives at Duncan Lewis solicitors.

**<u>Background</u>**

7. I am an Ethiopian national born on PD in Adigrat, Ethiopia.

[1] My name is spelled incorrectly in my passport, as 'Frewyni Hayiemariam Gitet'. In this statement I will be using the correct spelling, as I have here, throughout.

8. I am the Chief Operating Officer of the 11th Lekatit Primary Hospital in Mekelle. I also work as a nurse in private clinics in Tigray in my spare time. I am also an executive board member of the Family Guidance Association of Ethiopia (FGAE), an NGO that assists with family planning for marginalised groups.

9. I live with my **Sensitive & Irrelevant**, in Mekelle, the capital of the Tigray region in Ethiopia.

10. Ferede and I married in April 1997. Niyat was born in Mekelle, Ethiopia on 14 June 1999. She was the third of my four children, and the only girl. My son Morris is from my previous marriage, but considers Ferede as his father. Morris lives in France where he has been recognised as a refugee. Morris' wife, Hilina Gizachew ("**Hilina**"), and son, Biruk Morris ("**Biruk**"), are still in Mekelle. My husband, Niyat's father, also has a son from his previous marriage, Amanuel, who is married and lives in Mekelle with his wife and their daughter. I view Amanuel as my own son. Niyat's little brother, Yeshiwendim, lives at home with me and Ferede. **Sensitive & Irrelevant**

11. After Niyat finished high school in around 2018, she started studying at Sheba University College in Mekelle to become a pharmacist. Around two years into her studies, in November 2020, the war between the Ethiopian federal government and Tigray People's Liberation Front ("**TPLF**") started in Tigray and the situation quickly became very bad for Tigrayan people, **Sensitive & Irrelevant** My husband's statement provide more details about the war, and I will not repeat that here.

12. Niyat would never have left Mekelle if the war had not started. She was excited about her studies and about becoming a pharmacist. She wanted to set up her own pharmacy in Mekelle. She did not show any interest in going to Addis Ababa before the war started. We lost her because of this war. She tried to escape so that she could survive.

13. My daughter was truly an exceptional person. From an early age, she was known for her kindness and generosity. She often helped our neighbours, especially the elderly, and her greatest dream was to one day build a shelter where they could be cared for and feel safe.

14. Niyat was deeply spiritual, spending much time in prayer at churches and monasteries (her connection with elderly monks may have driven her attachment to the elders around her). Her connection to her faith was evident in everything she did, and she constantly sought ways to uplift others. In our home, she took on significant responsibilities, even though she was still a teenager. Her maturity and sense of duty were beyond her years.

15. Her school friends described her as someone who would put her own needs aside just to help others. She considered that we had a privileged life because we had a house to sleep in and

food to eat. She often compared her life to those who did not have basic housing or enough food. Niyat was loved by her friends and the entire community. She was the most kind-hearted, humble, and intelligent person we have known. Her memory will forever live on in the lives she touched.

16. When the war in Tigray broke out in 2020, Niyat showed remarkable strength. Despite the dangers and challenges we faced as a family, she continued to help not only us but also the elderly in our neighbourhood, putting their needs above her own. Eventually, she fled the war, hoping to survive and one day achieve her dreams. Tragically, she lost her life on a boat while trying to reach the UK.

17. **Sensitive & Irrelevant**

18. At the beginning of the war, on 23rd or 24th November 2020 my husband, Yeshiwendim, Morris, Hilina, Biruk and I fled Mekelle and went to the rural areas around Kola Tempien. I stayed in a cave with Yeshiwendim, Morris, Hilina and Biruk, and **Sensitive & Irrelevant** **Sensitive & Irrelevant** Niyat did not want to come with us and so she stayed with a relative, Dr Amanuel Mulugeta, in Mekelle. This is addressed by my husband in his statement.

19. The federal government quickly took control of Mekelle, and in December 2020 we returned to the city. Although the aerial strikes had stopped and the fighting had moved away from the city, the situation was still very difficult because of food shortages and the effects of the ongoing civil war in Tigray. **Sensitive & Irrelevant** **Sensitive & Irrelevant** Later, around January or February 2021, he walked to Sudan to escape the conflict.

20. Initially when we came back to Mekelle, it was not possible to communicate with anyone outside Tigray, as the Ethiopian Federal government had shut down all telecommunication and internet services. This was restored in January 2021, but shut down again in June 2021, when the TPLF re-took control of Mekelle.

21. Niyat was still in Mekelle when we came back, and she came home to live with us. It was clear that it was not safe in Tigray and we already knew that it was particularly unsafe for young women. At the time there was a curfew in Mekelle and Tigrayans were being harassed by the Ethiopian forces. As a young women she faced a particular risk of rape and sexual violence from the Ethiopian government forces.

22. At the beginning of the war there was no way of leaving Tigray because the roads were blocked and the planes were grounded. Niyat tried to leave Mekelle by car with Dr Amanuel before it reopened, but they were stopped by Ethiopian forces and had to return. Some time after the Ethiopian forces took control of the city in January 2021, the roads and airport re-opened, so it became possible to leave.

23. Once the roads reopened Niyat left Mekelle and travelled by bus to Addis Ababa. She went with some friends from Mekelle. When she arrived in Addis Ababa she was detained by the police for one week in Kaliti Prison.

24. My husband's brother (Niyat's uncle) was in Addis Ababa at this time. He lived in Norway, but had travelled back to Ethiopia for personal reasons. When Niyat was arrested and detained, he was able to pay for her release. Unfortunately, our uncle died from Covid-19 a few months after he arrived in Addis Ababa.

25. Morris and his wife and son also fled to Addis Ababa in January 2021, when the planes briefly started flying again. This was not long after Niyat had left Mekelle by bus. Niyat and Morris and his wife and son stayed in our uncle's home in Addis Ababa.

26. Between January and June 2021 it was possible to have some communication with people outside Tigray, but it was still difficult. However, in June 2021, after the TPLF re-took Mekelle things got very bad for Tigrayans everywhere in the country, including Addis Ababa. The federal government were arbitrarily arresting and detaining Tigrayan people and anyone associated with the Tigray region during this time.

27. When TPLF took back control of Mekelle the conflict exploded in the city again. It was very hard in Tigray during this time because of the war. We were trapped and unable to communicate with anyone. Thinking back on it, it is hard to understand how any human could endure what we went through. The horror was unthinkable. It was just my sons and I at home, trying to survive. Amanuel had come back to our family home after we came back from Kola Tembien. There was crime everywhere, severe food shortages, no banks, no jobs and the hum of drones overhead. Everyone in our area was afraid. When we heard the drones, everyone would run into our home to shelter. Our living room was often full of neighbours and strangers trying to protect themselves from the airstrikes. Entire families lost their lives from single bombs. It was very dangerous to go outside alone because of the bombardments and because the federal government soldiers in the streets were dangerous.

28. We were not able to speak with Morris, Niyat or Ferede through normal means of communication because the federal government shut down all telecommunication and internet services in Tigray. I knew some of the doctors working for NGOs in Tigray, and they had access to a satellite phone in Adi-Haki, a sub city of Mekelle. They let me use the satellite

phone on a couple of occasions. We later found out from Morris that Niyat did leave Addis Ababa and had flown to Europe. I did not have any direct contact with Niyat after she left.

29. Sensitive & Irrelevant

Sensitive & Irrelevant. The Pretoria Agreement was a peace agreement between the Ethiopian federal government and the TPLF. I think Yeshiwendim came back home in early 2023. I continued working as a nurse throughout the war. I was working in dangerous conditions with no pay for around two years. We did not have anything during this time. We managed to survive because we were being sent money from different friends and relatives abroad. It was hard but we made it through. Sensitive & Irrelevant S&I

**Aftermath of the events of 23/24 November 2021**

30. In or around December 2021, we had a phone call with Morris, who told us that Niyat had died. This came completely out of the blue, I had no idea that she had gone to France. All communication was still cut off in Tigray, but we had managed to get access to the satellite phone through an NGO again to speak to Morris.

31. My immediate grief, as her mother, was indescribable. My husband was away in Sudan, I had lost my daughter, and we, in Tigray, had suffered more than I can describe. The war was still going on and we could not speak to anyone to find out more information about what had happened to Niyat.

32. The Pretoria Agreement was signed on 2 November 2022, and we slowly started to get communication services back in Tigray. At first it was only local phone calls so we still did not know much about what had happened to Niyat. In around January 2023 we were able to start making international calls again. It was only then, over a year after the incident, that we were able to communicate regularly with Morris and speak with him properly about what had happened.

33. In March 2023, I was able to travel to France to visit Niyat's grave near Lille. Morris helped me to apply for a tourist visa. The pain that I feel when I think about this is overwhelming. I feel extremely sad because Morris has explained to me that Niyat's grave in Lille might only be temporary. I want it to be permanent like it is for other people. I need her to have somewhere permanent to rest. Otherwise, I want her body brought to Ethiopia so that at least we can have her here with us and we can visit it her. There was no way her body could be brought back at the time when she died because of the war, but I wish that somehow we could arrange this now that the tensions have settled down in Mekelle and we are able to have international communication again.

34. I applied for a visa to go back to France for the third anniversary of my daughter's death but this was refused. I gave them all the information they asked for and I am not sure why they will not grant it to me this time around. I am in the process of finding someone to help me re-apply.

35. We hope that this inquiry will uncover something that people will learn from. It is important to us that this tragedy is being properly investigated and not something that the British and the French can just forget about. This in itself is a small measure of justice.

Statement of Truth

I believe the facts stated in this witness statement are true. I understand that proceedings for contempt of court may be brought against anyone who makes, or causes to made, false statement in a document verified by a statement of truth without an honest belief in its truth.

Signed:

Date:

Name:

Habibi Interpreting and Translation LTD
Personal Data
Email PD @habibi-interpreting.co.uk
Contact: PD 181 / PD 3933

## መግለጺ ምስክር ፍረወይኒ ሃይለማርያም ጊተት።

ኣነ ፍረወይኒ ሃይለማርያም ጊተት ኣደ ኒያት ፈረደ፡ ተቐማጢት Sensitive & Irrelevant ኢትዮጵያ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይብል።

1. ኣነ ኣደ ኒያት ፈረደ ("ኒያት") እየ፣ ሓንቲ ካብቶም ግዳያት ናይቲ ኣብ ሕዳር 2021(ኣቆጻጽራ ፈረንጂ) ዘጋጠመ ሕማቕ ኣጋጣሚ።

2. እዚ መግለጺ ዝሀብ ዘለኹ፡ ነቲ ቅድሚ 24 ሕዳር 2021 (ኣቆጻጽራ ፈረንጂ) ድሕሪኡን ዝነበረ ፍጻመታት ዝምርምር ቀጻሊ መርመራ ክራንስተን ኣገዳሲ ሓበሬታ ንምሃብ እየ፡ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ምጽራይ ዝርከቡ ፍጻመታትን ኣብ እዋንን ዝነበረ ኩነታት ዘለኒ ኣፍልጦን ርድኢትን መሰረት ብምግባር።

3. ኣብዚ መግለጺ እዚ ንኒያት ከምቲ ዝተረድኣኒ ካብ ኢትዮጵያ ዝወጸትሉ ምኽንያት፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ወጸት ምስ ኒያት ዝገበርክዎ ርክብን፡ እዚ ዘሕዝን ፍጻመ ኣብ ስድራና ዘሕደሮ ጽልዋን ክገልጽ እየ።

4. መግለጺይ ምስ መግለጺ በዓል ቤተይ ፈረደ የሺወንድም ("ፈረደ")ን ወደይ ሞሪስ ስለሺ ተወልደ ("ሞሪስ") ተሓዊሱ ክነበብ ይግባእ። ትሕዝቶ ናይቶም መግለጺታት ኣንቢበዮምን ይሰማማዓልውን እየ። እቲ ሓበሬታ ኣብ መግለጺይ ዘቕረብኩዎ ምስ ደቀይ ኣማኑኤል ፈረደ ("ኣማኑኤል")ን የሺወንድም ፈረደን ("የሺወንድም") ብምምኽኻር እየ። ኣብዚ መግለፂ ዝተቐመጡ ጉዳያት፡ ብዘይካ ካልእ ሓበሬታ እንተዘይተዋሂቡ፡ ኣነ ዝፈልጦም እዮም።

5. ጓለይ ምስኣነይ ብኣካልን ብስነ ኣእምሮን ብዙሕ ጸልዩኒ፡ ንዝኽረይ ድማ ጽልዋ ኣሕዲሩለይ እዩ። ብኸምዚ ኣገባብ ንኒያት ምኽሳረይ ንዓይን ንስድራይን ኣዝዩ ዘሕዝነና እዩ። ኒያት ካብ እትዓርፍ ኣብዚ ዳርጋ ሰለስተ ዓመት፡ ኣብ ዓደይ ከምኡ'ውን ኣብ ስድራይ ብዙሕ ነገራት ኣጋጢሙ እዩ። እዚ ኩሉ፡ንነፍሲ ወከፍ ዝርዝር ነገራት ብትኽክል ናይ ምዝካር ዓቕመይ ጽልዋ ኣሕዲሩ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ስመይ ኣብ ፓስፖርተይ ብጌጋ 'ፍረዉይኒ ሓየማርያም ጊተት' ተባሂሉ ተጻሒፉ ኣሎ። ኣብ ምሉእ መግለጺ ምስክርነት እዚ እቲ ቅኑዕ ኣጻሓሕፋ ሽመይ ክጥቀም እየ።

Habibi Interpreting and Translation LTD
Personal Data
Email: PD @habibi-interpreting.co.uk
Contact: PD 181 / PD 933

6. እዚ መግለጺ ብሓገዝ ሕጋዊ ወከልተይ ካብ ዳንከን ሉዊስ ጠበቓታት ዝተዳለወ እዩ።

## ድሕረ ባይታ

7. ኣነ ዜግነተይ ኢትዮጵያዊት እየ፣ ብዕለት Sensitive & Irrelevant ኣብ ዓዲግራት ኢትዮጵያ ተወሊደ።

8. ኣብ 11 ለካቲት መባእታ ሆስፒታል መቐለ ዋና ኣካያዲት ስራሕ እየ። ኣብ ትርፊ ግዜይ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝርከባ ናይ ውልቂ ክሊኒካት ከም ነርስ ኮይነ እሰርሕ። ብተወሳኺ ኣብ ፈጻሚ ቦርድ ናይቲ ንዝተገለሉ ጉጅለታት ኣብ ውጥን ስድራቤት ዝሕግዝ ዘይመንግስታዊ ትካል፡ ማሕበር መምርሒ ስድራቤት ኢትዮጵያ (FGAE) ኣባል እየ። .

9. ኣብ ኢትዮጵያ, ርእሰ ከተማ ክልል ትግራይ መቐለ ምስ Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant

10. ኣነን ፈረደን ኣብ ሚያዝያ 1997 ተመርዕና። ኒያት ብ14 ሰነ 1999 ኣብ መቐለ ኢትዮጵያ ተወሊዳ። ካብ ኣርባዕተ ደቀይ ሳልሰይቲ እያ፣ እንኮ ጓል ድማ እያ ነይራ። ሞሪስ ወደይ ካብቲ ናይ ቅድም ሓዳረይ ዝተወልደ እዩ፡ ንፈረደ ግን ከም ኣቡኡ እዩ ዝርእዮ። ሞሪስ ኣብ ፈረንሳ ዝነብር ኮይኑ ኣብኡ ድማ ከም ስደተኛ ተፈላጥነት ረኺቡ ኣሎ። በዓልቲ ቤት ሞሪስ ሂሊና ግዛቸው ("ህሊና")ን ወዱ ቢሩክ ሞሪስን ("ብሩክ") ክሳብ ሕጂ ኣብ መቐለ ኣለዉ። በዓል ቤተይ፡ ኣቦ ኒያት'ውን ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ሓዳሩ ኣማኑኤል ዝተባህለ ወዲ ኣለዎ፣ በዓል ሓዳር ኮይኑ ምስ በዓልቲ ቤቱን ጓሎምን ኣብ መቐለ ይነብር። ኣማኑኤል ከም ወደይ እየ ዝሪኦ። ንእሽቶ ሓው ኒያት የሺወንድም ምሳይን ፈረደን ኣብ ገዛ ይነብር። Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant

11. ኒያት ኣብ ከባቢ 2018 ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ምስ ወድአት ፋርማሲስት ክትከውን ኣብ መቐለ ኮሌጅ ዩኒቨርስቲ ሺባ ትምህርቲ ጀሚራ። ድሕሪ ከባቢ ክልተ ዓመት ትምህርታ፡ ኣብ ሕዳር 2020 ኣብ መንጎ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ትግራይን ("ህወሓት") ኲናት ኣብ ትግራይ ተጀሚሩ፡ እቲ ኲነታት ንህዝቢ ትግራይ Sensitive & Irrelevant

Habibi Interpreting and Translation LTD
Personal Data
Email PD @habibi-interpreting.co.uk
Contact: PD 181 / PD 933

Sensitive & Irrelevant ። መግለጺ በዓል ቤተይ ብዛዕባ'ቲ ኩናት ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ይህብ፣ ስለዚ ድማ ኣብዚ ኣይክደግሞን እየ።

12. ኒያት ኩናት እንተዘይጅመር ኔሩ ካብ መቐለ ፈጺማ ኣይምወጸትን። ብዛዕባ ትምህርታን ብዛዕባ ፋርማሲስት ምዃናን ሕጉስቲ ነበረት። ኣብ መቐለ ናይ ባዕላ ፋርማሲ ክትከፍት ድልየት ኔሩዋ። ቅድሚ ኩናት ምጅማሩ ናብ ኣዲስ ኣበባ ንምኻድ ዝኾነ ተገዳስነት ኣይነበራን። ብሰንኪ እዚ ኩናት እዚ ስኢንናያ። ብህይወት ክትነብር ምእንቲ ክትሃድም ፈቲና።

13. ዓለይ ብሓቂ ፍልይቲ ሰብ እያ ነይራ። ካብ ንእስነታ ኣትሒዛ ብሕያውነትን ልግስን ትፍለጥ ነይራ። ብዙሕ ግዜ ንጐረባብትና ብፍላይ ድማ ንኣረጋውያን ትሕግዝ ነበረት፣ እቲ ዝዓበየ ሕልማ ድማ ሓደ መዓልቲ ዝሕብሕቡሉን ውሕስነት ዝስምዖምን መዕቆቢ ክትሃንጽ እዩ ነይሩ።

14. ኒያት ብዕምቆት መንፈሳዊት እያ ነይራ፣ ኣብ ኣብያተ ክርስትያናትን ገዳማትን ብዙሕ ግዜ ኣብ ጸሎት ተሕልፍ ነበረት (ምስ ኣረጋውያን መነኮሳት ዝነበራ ርክብ ምስቶም ኣብ ከባቢኣ ዝነበሩ ሽማግለታት ዘለዋ ምትእስሳር ንኽህልዋ ዝደረኻ ክኸውን ይኽእል እዩ)። ምስ እምነታ ዝነበራ ምትእስሳር ኣብ ኩሉ እትገብሮ ዝነበረት ርኢይ ስለ ዝነበረ፡ ንኻልኦት ክብ ንኽብሉ እትኽእለሉ መገድታት ብቐጻሊ ትደሊ ነበረት። ኣብ ገዛና፡ ገና ጎርዞ ጓል እኳ እንተ ነበረት፡ ርኢይ ሓላፍነት ተሰኪማ። ብስለታን ዝነበራ ናይ ሓላፍነት ስምዒት ልዕሊ ዕድሜኣ እዩ ነይሩ።

15. ናይ ቤት ትምህርቲ መሓዙታ፡ ንኻልኦት ንምሕጋዝ ጥራይ ናይ ገዛእ ርእሳ ድሌታት ንጎኒ እትገድፍ ሰብ ምዃና ገሊጾምዋ። እንድቕስሉ ገዛን እንበልዖ መግብን ስለዘለና ፍሉይ ዕድል ዘለዎ ህይወት ከም ዘለና እያ ትቕጽሮ ነይራ። ብዙሕ ግዜ ንህይወታ ምስቶም መሰረታዊ መንበሪ ገዛ ወይ እኹል መግቢ ዘይብሎም ሰባት ተነጻጽሮ ነበረት። ኒያት ብፈተውታን ብሙሉእ ሕብረተሰብን ተፈታዊት እያ ነይራ። ንፈልጣ ሕያወይቲ፡ ትሕትትን በላሕን ሰብ እያ ነይራ። ዝኸራ ኣብቲ ዝተንከፈቶ ህይወት ንዘልኣለም ክነብር እዩ።

16. ኣብ 2020 ኣብ ትግራይ ኩናት ምስ ተላዕለ፡ ኒያት ዘደንቕ ሓይሊ ኣርእያ። ከም ስድራቤት ዘጋጠመና ሓደጋታትን ብድሆታትን እኳ እንተነበረ፡ ንዓና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቶም ኣብ ከባቢና ዝነበሩ ኣረጋውያን እውን፡ ልዕሊ ናታ ድሌታቶም ብምስራዕ፡ ምሕጋዝ ቀጸለት። ኣብ መወዳእታ ድማ ብህይወት ክትነብርን ሓደ መዓልቲ ድማ ሕልማ ክተሳኽዕን ተስፋ ብምግባር

Habibi Interpreting and Translation LTD
Personal Data
Email: PD @habibi-interpreting.co.uk
Contact: PD 181 / PD 933

ካብቲ ኲናት ሃዲማ። እቲ ዘሕዝን ግን ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ክትበጽሕ ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን ኣብ ጃልባ ህይወታ ስኢና።

17. Sensitive & Irrelevant
Sensitive & Irrelevant
Sensitive & Irrelevant

18. ኣብ ምጅማር ኲናት: ብዕለት 23 ወይ 24 ሕዳር 2020 በዓል ቤተይ የሺወንድም: ሞሪስ: ህሊና: ቢሩክን ኣነን ካብ መቐለ ሃዲምና ናብ ገጠራት ከባቢ ቆላ ተምቤን ከድና። ምስ የሺወንድም: ሞሪስ: ሂሊናን ቢሩክን ኣብ ሓደ በዓቲ ሓዲርና: Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant ኒያት ምሳና ክትመጽእ ስለዘይደለየት ምስ ሓደ ዘመድ ዶክተር ኣማኑኤል ሙሉጌታ ኣብ መቐለ ተሪፋ። እዚ ኣብ ናይ በዓል ቤተይ መግለጺ ተገሊጹ ኣሎ።

19. ናይ ፌደራል መንግስቲ ቀልጢፉ መቐለ ተቖፃፂሩ፣ ኣብ ታሕሳስ 2020 ናብ ከተማ ተመሊስና። ዋላ እኳ እቲ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ደው ኢሉ እቲ ውግእ ካብ ከተማ ርሒቑ እንተነበረ: ብሰንኪ ሕጽረት መግብን ሳዕቤን ናይቲ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ኲናት ሓድሕድን ግን ሕጂ'ውን እቲ ኩነታት ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ ነይሩ። Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant ድሒሩ ኣብ ከባቢ ጥሪ ወይ ለካቲት 2021 ካብቲ ግጭት ንምህዳም ብእግሩ ናብ ሱዳን ተጓዒዙ።

20. ኣብ መጀመርታ ናብ መቐለ ምስ ተመለስና: መንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያ ኩሉ ኣገልግሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን ኢንተርኔትን ዓጽዩ ስለዝነበረ: ካብ ትግራይ ወጻኢ ምስ ዝኾነ ሰብ ምዝርራብ ኣይከኣልን ነይሩ። እዚ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2021 ተመሊሱ: ኣብ ሰነ 2021 ግን ህወሓት ንመቐለ ዳግማይ ምስ ተቖጻጸረት መሊሱ ተዓጽዩ።

21. ኒያት ክንምለስ ከለና ገና ኣብ መቐለ እያ ነይራ: ምሳና ክትነብር ድማ ንገዛ መጺኣ። ኣብ ትግራይ ውሑስ ከምዘይኮነ ንጹር ስለዝነበረ ብፍላይ ንመንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ውሑስ ከምዘይኮነ ድሮ ፈሊጥና ነርና። ኣብቲ እዋን ኣብ መቐለ ሰዓት ሕላፍ ተኣዊጁ: ተጋሩ ድማ ብሓይልታት ኢትዮጵያ ይግፍዑ ነይሮም። መንእሰይን ጓል ኣንስተይቲ ስለዝኾነት: ካብ

ሓይልታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ምዕማጽን ጾታዊ መጥቃዕቲ ፍሉይ ሓደጋ ከጋጥማ ይኽእል።

22. ኣብ ምጅማር ኲናት ካብ ትግራይ ንምውጻእ ዋላ ሓደ መንገዲ ኣይነበረን ምኽንያቱ ጽርግያታት ተዓጽዩ፡ ነፋሪት እውን ደው ኢላ። ኒያት ቅድሚ መገድታት ዳግማይ ምኽፋቱ ምስ ዶክተር ኣማኑኤል ብመኪና ካብ መቐለ ክትወጽእ ፈቲና እኳ እንተነበረት፡ ሓይልታት ኢትዮጵያ ደው ኣቢሎም ክምለሱ ተገዲዶም። ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2021 ነታ ከተማ ካብ ዝቆጻጸራ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን፡ ጽርግያታትን መዓርፎ ነፈርትን ዳግማይ ስለዝተኸፍተ፡ ምውጻእ ተኻኢሉ።

23. ሓንሳብ ጽርግያታት ምስ ተኸፍተ ኒያት ካብ መቐለ ወጺኣ ብኣውቶቡስ ናብ ኣዲስ ኣበባ ተጓዒዛ። ምስ ገለ መሓዙታ ካብ መቐለ ከደት። ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣተወት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ቃሊቲ ንሓደ ሰሙን ብፖሊስ ተኣሲራ።

24. ሓው በዓል ቤተይ (ሓውቦኣ ንኒያት) ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ነይሩ። ኣብ ኖርወይ ይነብር እኳ እንተነበረ፡ ብውልቃዊ ምኽንያት ግን ናብ ኢትዮጵያ ተመሊሱ መጺኡ ነይሩ። ኒያት ተታሒዛ ምስ ተኣስረት፡ ገንዘብ ከፊሉ ከፍትሓ ክኢሉ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣኮና/ሓውቦና ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣተወ ድሕሪ ቁሩብ ኣዋርሕ ብ Covid-19 ሞይቱ።

25. ሞሪስን በዓልቲ ቤቱን ወዱን እውን ኣብ ወርሒ ጥሪ 2021 ናብ ኣዲስ ኣበባ ሃዲሞም፡ እተን ነፈርቲ ንሓጺር እዋን መሊሰን በረራ ጀሚረን ነይረን። እዚ ድማ ኒያት ብኣውቶቡስ ካብ መቐለ ምስ ተበገሰት ነዊሕ ከይጸንሐ እዩ። ኒያትን ሞሪስን ምስ በዓልቲ ቤቱን ወዱን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝርከብ ገዛ ኣኮና/ሓውቦና ይነብሩ ነበሩ።

26. ኣብ መንጎ ጥሪን ሰነን 2021 ካብ ትግራይ ወፃኢ ምስ ዘለዉ ሰባት ገለ ርክብ ክግበር ይከኣል ነይሩ፣ እንተኾነ ግን እዚ እውን ከቢድ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ኣብ ሰነ 2021 ህወሓት መቐለ መሊሳ ምስ ተቖጻጸረት ኣብ ኩሉ ቦታታት ሃገር ንዝርከቡ ተጋሩ፡ ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ነገራት ኣዝዮም ሕማቕ ኮይኖም። መንግስቲ ፌደራል ኣብዚ ግዜ እዚ ንህዝቢ ትግራይን ምስ ክልል ትግራይ ዝተኣሳሰረ ሰብን ብዘይ መጠንቐቕታ ይሕዙን ይኣስሩን ነይሮም።

27. ህወሓት ንመቐለ መሊሳ ምስ ተቖፃፀረት እቲ ግጭት መሊሱ ኣብታ ከተማ ተፈንጂሩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ብሰንኪ ኲናት ኣብ ትግራይ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ተዓጺና እውን፡ ምስ ዝኾነ

ሰብ ክንራኸብ ኣይከኣልናን። ንድሕሪት ተመሊስና ክንሓስቦ ከለና፡ ዝኾነ ወዲ ሰብ ነቲ ዝሓለፍናዮ ብኸመይ ከጻወሮ ከም ዝኽእል ንምርዳእ ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ራዕዲ ዘይሕሰብ እዩ ነይሩ። ኣነን ደቀይን ጥራይ ኢና ኣብ ገዛና፡ ብህይወት ክንጸንሕ ንፍትን። ኣማኑኤል ካብ ቆላ ተምቤን ምስ ተመለስና ናብ ገዛና ተመሊሱ ነይሩ። ኣብ ኩሉ ቦታ ገበን፡ ከቢድ ሕጽረት መግቢ፡ ባንክታትን ስራሕን ተዓጽዩ፡ ድምጺ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ካብ ላዕሊ ይስማዕ። ኣብ ከባቢና ዝነበረ ኩሉ ሰብ ፈሪሑ። ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ክንሰምዕ ከለና ኩሉ ሰብ ክዕቆብ ናብ ገዛና ይጎዪ ነበረ። መብዛሕትኡ ግዜ ሳሎንና ብጐረባብትን ዘይንፈልጦም ሰባትን ካብቲ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ንርእሶም ክከላኸሉ ዝፍትኑ ሰባት ይመልእ ኔሩ። ምሉእ ስድራቤታት ብሓደ ቦምባ ህይወቶም ስኢኖም። ብሰንኪ እቲ ቦምባታትን ኣብ ጎደናታት ዝነበሩ ወተሃደራት መንግስቲ ፌደራል ሓደገኛታት ስለዝነበሩን በይንኻ ናብ ደገ ምውፃእ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ ነይሩ።

28. መንግስቲ ፌደራል ኣብ ትግራይ ኩሉ ናይ ቴሌኮሙኒኬሽንን ኢንተርኔትን ግልጋሎት ስለዝዓፀወ ምስ ሞሪስ፣ ኒያት ወይ ፈረደ ብንቡር መንገዲ ርክብ ክንገብር ኣይከኣልናን። ገለ ካብቶም ኣብ ትግራይ ዘይመንግስታውያን ትካላት ዝሰርሑ ሓካይም ይፈልጦም ነይረ፣ ኣብ መቐለ ንኡስ ከተማ ዓዲ-ሓኪ ድማ ሳተላይት ቴሌፎን ይረኽቡ ነይሮም። ኣብ ሓደ ክልተ ግዜ ብሳተላይት ቴለፎን ክጥቀም ፈቒዶምለይ። ኒያት ብርግጽ ካብ ኣዲስ ኣበባ ከም ዝወጸትን ናብ ኤውሮጳ ብነፋሪት ከም ዝኸደትን ድሒርና ካብ ሞሪስ ፈሊጥና። ምስ ኒያት ካብ እትኸይድ ዋላ ሓደ ቀጥታዊ ርክብ ኣይነበረንን።

29. Sensitive & Irrelevant
Sensitive & Irrelevant
Sensitive & Irrelevant ስምምዕ ፕሪቶርያ ኣብ መንጎ ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህወሓትን ዝተገብረ ስምምዕ ሰላም እዩ። የሺወንድም ኣብ መጀመርታ ናይ 2023 ይመስለኒ ናብ ገዛ ተመሊሱ። ኣነ ኣብቲ ግዜ ኩናት ብምሉኡ ከም ነርስ ስራሐይ ቀጺለ። ንኣስታት ክልተ ዓመት ብዘይ ደሞዝ ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ይሰርሕ ነይረ።ኣብዚ ግዜ እዚ ዋላ ሓደ ነገር ኣይነበረናን። ካብ ዝተፈላለዩ ፈተውትን ኣዝማድን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝነብሩ ገንዘብ ይለኣኹልና ስለዝነበረ ብህይወት ክንጸንሕ ክኢልና። ከቢድ እዩ ነይሩ ግን ሓሊፍናዮ። Sensitive & Irrelevant
Sensitive & Irrelevant

**<u>ድሕሪ ፍጻመታት 23/24 ሕዳር 2021</u>**

Habibi Interpreting and Translation LTD
Personal Data
Email PD @habibi-interpreting.co.uk
Contact: PD 181 / PD 933

30. ኣብ ታሕሳስ 2021 ወይ ከባቢኡ ምስ ሞሪስ ተሌፎን ተደዊልና፡ ንሱ ድማ ኒያት ከም ዝዓረፈት ነጊሩና። እዚ ፍጹም ዘይተጸበኹዎ እዩ ኔሩ፣ ናብ ፈረንሳ ከም ዝኸደት ዋላ ሓደ ኣፍልጦ ኣይነበረንን። ኣብ ትግራይ ገና ኩሉ መራኸቢታት ተቛሪጹ እኳ እንተነበረ፡ ምስ ሞሪስ ንምዝርራብ ዳግማይ በቲ ዘይመንግስታዊ ትካል ኣቢልና ናይ ሳተላይት ቴለፎን ክንረክብ ክኢልና ኔርና።

31. ቅጽበታዊ ሓዘነይ ከም ኣዲኣ ምኳነይ፡ ክግለጾ ዘይከኣል እዩ ነይሩ። በዓል ቤተይ ኣብ ሱዳን ኣርሒቑ፡ ጓለይ ስኢነ፡ ንሕና ድማ ኣብ ትግራይ ካብቲ ክገልጾ ዝኽእል ንላዕሊ መከራ ኣጋጢሙና። እቲ ኩነታት ገና ይቕጽል ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ልዕሊ ኒያት ንዘጋጠመ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ምስ ዝኾነ ሰብ ክንዛረብ ኣይከኣልናን።

32. ስምምዕነት ፕሪቶርያ ብዕለት 2 ሕዳር 2022 ተፈሪሙ፣ ቀስ ብቐስ ኣብ ትግራይ ኣገልግሎት መራኸቢታት ክምለስ ጀሚሩ። ኣብ መጀመርታ 5ገልግሎት ናይ ከባቢ ቴለፎን ጥራይ ስለ ዝነበረ ብዛዕባ ንኒያት ዘጋጠመ ብዙሕ ኣይንፈልጥን ኔርና። ኣብ ከባቢ ጥሪ 2023 ከም ብሓድሽ ኣህጉራዊ ጻውዒት ክንገብር ክኢልና። ሽዑ ኢና ድሕሪ ልዕሊ ሓደ ዓመት፡ ድሕሪ እቲ ፍጻመ፡ ምስ ሞሪስ ብደንቢ ክንረዳዳእን ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ብግቡእ ክንዛረብን ዝኸኣልና።

33. ኣብ መጋቢት 2023 ናብ ፈረንሳ ብምኻድ ኣብ ጥቓ ሊል ዝርከብ መቓብር ኒያት ክበጽሕ ክኢለ። ሞሪስ ናይ በጻሕቲ ቪዛ ንኽሓትት ሓጊዙኒ። ብዛዕባ እዚ ክሓስብ ከለኹ ዝስምዓኒ ቃንዛ ልዕሊ ዓቕመይ እዩ። ሞሪስ ኣብ ሊል ዝርከብ መቓብር ኒያት ግዝያዊ ጥራይ ክኸውን ከም ዝኽእል ስለ ዝገለጸለይ ኣዝዩ ሓዘን ይስመዓኒ። ከምቲ ናይ ኻልኦት ሰባት ነባሪ ክኸውን እየ ዝደሊ። ቀዋሚ ተዕርፈሉ ቦታ ክህልዋ ድልየት ኣለኒ። እንተዘይኮይኑ ሬሳኣ ናብ ኢትዮጵያ ክመጽእ እሞ እንተወሓደ ኣብዚ ምሳና ክትህልውን ናብ መቓብራ ክንኸይድን ንኽእል። ኣብቲ ዝዓረፈትሉ እዋን ብሰንኪ ኩናት ሬሳኣ ክምለሰሉ ዝኽእለሉ መንገዲ ኣይነበረን፣ ሕጂ ግን እቲ ወጥሪ ኣብ መቐለ ዝነበረ ስለ ዝተወገደን መሊሱ ኣህጉራዊ ርክብ ክህልወና ስለ ዝኸኣልና ብገለ መንገዲ ነዚ ክንገብር እንተንኽእል ጽቡቕ ነይሩ።

34. ናይ ሳልሳይ ዓመት ሞት ጓለይ ናብ ፈረንሳ ንምምላስ ቪዛ ሓቲተ እዚ ግን ተነጺጉ። ኩሉ ዝሓተትዎ ሓበሬታ ሂበዮም እየ ኣብዚ ግዜ እዚ ንምንታይ ከምዘይሀቡኒ ርግጸኛ ኣይኮንኩን። ዳግማይ ከመልክት ዝሕግዘኒ ሰብ ይደሊ ኣለኹ።

Habibi Interpreting and Translation LTD
Personal Data
Email PD @habibi-interpreting.co.uk
Contact PD 181 / PD 933

35. እዚ መርመራ እዚ ሰባት ከመሃሩሉ ዝኽእሉሉ ነገር ከቃልዕ ተስፋ ንገብር። እዚ ሕማቕ ዘጋጠመ ብግቡእ ይምርመር ምህላዉን ፣ እንግሊዛውያንን ፈረንሳውያንን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ክርስዕዎ ከምዘይብሎም ነዓና ኣገዳሲ እዩ ። እዚ ንባዕሉ ንእሽቶ መዐቀኒ ፍትሒ እዩ።

**Habibi**
**Interpreting and Translation**
*Breaking the language Barrier*

Habibi Interpreting and Translation LTD
Personal Data
Email: PD@habibi-interpreting.co.uk
Contact: PD 181 / PD 933

መግለጺ ሓቂ

ኣብዚ ናይ ምስክር መግለጺ ዝተዘርዘረ ሓቂ እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሓቅነቱ ብቑንዕና እምነት ዘይብሉ ብናይ ሓቂ መግለጺ ዝተረጋገጸ ሰነድ ናይ ሓሶት መግለጺ ዝህብ፡ ወይ ክወሃብ ዝገብር፡ ብመስርሕ ንዕቀት ቤት ፍርዲ ክኽሰስ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ።

ዝተፈረመ፤

ዕለት፥

ሽም፥

Habibi Interpreting and Translation LTD
Personal Data
Email: PD @habibi-interpreting.co.uk
Contact: Personal Data 181 / Personal Data 033

መግለጺ ሓቂ

ኣብዚ ናይ ምስክር መግለጺ ዝተዘርዘረ ሓቂ እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሓቅነቱ ብቕንዕና እምነት ዘይብሉ ብናይ ሓቂ መግለጺ ዝተረጋገጸ ሰነድ ናይ ሓሶት መግለጺ ዝሀብ፡ ወይ ከወሃብ ዝገብር፡ ብመሰርሕ ንዕቀት ቤት ፍርዲ ከኸሰስ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ።

ዝተፈረመ፡ Personal Data

ዕለት፡ 7/Nov/24

ሽም፡ [illegible]